## ጥሜት ኣብ ኤርትራ፡
## ቀንዲ ሻቕሎት ልኡኽ ሰ.ህ.ኤን ሰ.ዲ.ኤን ኣብ ሆላንድ

### ሓባራዊ ሽማግለ ዜና
### ሰልፊ ዲሞክራስ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን
07.06.2009

ብ5 ሰነ 2009 ላዕለዋይ ሓባራዊ ልኡኽ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ከተማ ሀግ፡ ምስ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ሆላንድ ብምርኻብ፡ ብዛዕባ'ቲ ኣብ ሃገርና ተጋሂዱ ዘሎ ቀታሊ፡ ግን ከኣ ስርዓት ኢሳያስ ክዛረበሉ ዘይደሊ ጉዳይ ጥሜት ኣልዒሉ ተዘራሪቡ።

ሓባራዊ ልኡኽ ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ምስ ወይ/ጆክ ብራንት፡ ዳይረክተር ናይ ኣህጉራዊ ምትሕብባር ኣብ ሚኒስትሪ ወጻኢ ጉዳያት ሆላንድን ላዕለዎት ተሓጋገዝታ ኣብ ጉዳይ ኤርትራን ቀርኒ ኣፍሪቃን ተራኺቡ፡ ብዛዕባ'ቲ ብናህሪ ዘንቈልቊል ዘሎ ሰብኣዊ ኵነታት ኣብ ኤርትራ ሰፊሕ መብርሂ ሂቡ። ከምኡ ውን፡ ብዛዕባ'ቲ ህይወት ብዙሓት ዜጋታት ክህልቕ ዝኽእል ናይ ጥሜት ክስተት ኣመልኪቱ፡ ሓባራዊ ልኡኽ ክልቲኡ ሰልፍታት፡ ህይወት ናይ'ቶም በማእት ኣሽሓት ዝጭጸሩ፡ ንሓደጋ ናይ ጥሜት ተቓሊዖም ዘለዉ ኤርትራውያን ንምድሓን፣ ብደረጃ ኣውሮጳን ብደረጃ ዓለምን ናይ ሰብኣዊ ተልእኮ ወፈራ ክበጋገስ ንመንግስቲ ሆላንድ ብኣጽንዖት ጸዊዑ። ልኡኽና፡ ዓለምና ብዛዕባ ኣብ ኤርትራ ዝዝንቢ ዘሎ ጥሜት እኹል ተገንዝቦ መታን ክህልዎን፣ ካብ'ዚ ተበጊሱ፡ ህጹጽ ናይ ረድኤት ስጉምቲ መታን ክወስድን ውዓል ሕደር ከይተባህለ ጕስጓስ ክግበረሉ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ ምዃኑ ኣዘኻኺሩ።

እቲ ሓባራዊ ልኡኽ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብጻይ ወልደሱስ ዓማር ዝመርሖ፣ ብጻይ ረዘነ ተስፋጽዮን፡ ሓላፊ ክፍሊ ዜና ሰልፊ ዲሞክራሲ፣ ተስፋይ ወልደሚካኤል፡ ምኽትል ኣቦ መንበርን ሓላፊ ክፍሊ ኣህጉራዊ ዝምድናታትን፣ ብጻይ መሓሪ ተስፋማርያም፡ ሓላፊ ማሕበር ምሕዝነት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሕን ኤርትራ ዘጠቓለለ ኢዩ ነይሩ።

ምስ'ዚ ብምትእስሳር፡ ካልእ ኣብ'ዚ ርክብ'ዚ ዝተዘርበሉ ዛዕባ፡ እቲ ብናህሪ ዝቕጽል ዘሎ ዋሕዚ ናይ ኤርትራውያን ስደተኛታት ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ኰይኑ፣ ልኡኽና፡ ነቶም ኣብ ምብራቕ ሱዳንን ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያን ተዓቝቦም ዘለዉ ስደተኛታት ህጹጽ ረዲኤት ክግበረሎም ጸዊዑ። ነዞም ብሰንኪ ጭቆና'ቲ ስርዓት፡ ትምህርቶም ኣቋሪጾም ንስደት ዘምርሑ ዘለዉ፡ መብዛሕቶም መንእሰያት ዝኾኑ ኤርትራውያን ስደተኛታት፡ ኣካዳሚካውን ሞያውን ትምህርቲ ክረኽብሉ ዝኽእሉ ዕድላት ክኽሰተሎም ዘድሊ ጻዕርታት ክግበር፡ እቲ ልኡኽ ኣስሚሩ ተዛሪብሉ።

ቅድም ክብል ኣብ ኤርትራ ኣምባሳደር ዝነበረት ወይ/ብራንት፡ ነቲ ብሓባራዊ ልኡኽ ዝተገብረ ብጽሖት ድሕሪ ምምጓስ፣ መንግስቲ ሆላንድ፡ ኣብ ውሽጥን ኣብ ጐረባብቲ ሃገራት ንዝርከቡ ኤርትራውያን ዝከኣሎ ሰብኣዊ ደገፍ ከበርክት ምጽናሑን፣ ምስ ዝኽሰት ሓድሽ ተርእዮታት ድማ፡ መንግስቲ ሆላንድ ዝገብሮ ሓገዝ ከከም ኣድላዩነቱ ክምዕብል ከምዝኽእል ኣረዲኣ።

ብሰንክ'ቲ ስርዓት ኢሳያስ ዝፍጽሞ ዘሎ ግህሰታት ሰብኣዊ መሰላት፡ መንግስቲ ሆላንድ፡ ከም ብዙሓት ካልኦት ሃገራት፡ ንመንግስቲ ኤርትራ ዝውሃብ ደገፍን ምትሕብባርን ካብ'ዚ ዓመት'ዚ ጀሚሩ ደው ከብሎ ከምዝወሰነ ዝዝከር ኢዩ።